# “ማረት ፍትንቲ መድሓኒት ምሕዋይ ከባቢና እያ” ሓረስቶት

ብገ/ሂወት ገብሩ (gebrehiwetgebru11@gmail.com)

## መቐለ

መሬት ትግራይ ኣያ ስኢኑ ንዘበናት መዐንደሪ ኲናትን ድርቂን ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ዘዝመፁ ስርዓታት እናተቐባበሉ ትግራይ ንታሕቲ እምበር ንላዕሊ ቅንዕ ከይትብል ሕርሕራይ ገይሮም ደቊሶምዋ ሓሊፎም። ገሊኦም ድማ ኣብ ኣደባባይ ዓው ኢሎም “ትግራይ ኣዲ እምኒ፣ ፍልፍል ረሃብ ወጥሜት እያ” ክብሉ ሰላቐም ለፊዮም።

ማህፀን ትግራይ ርሑስ እዩ። በብእዋኑ ጀጋኑ ዘፍሪ፣ ኣፍሪዩ ንዓለም ዘበርከት ማህፀን እዩ እምበኣር ትግራይ ማለት። ውድቀት ትግራይ ዓዶም ዝረኣዩ ዕሸላት መናእሰይ ኣሎናልኪ፣ ንሕና እናሃለና ታሪኽኪን ቅያኺን ንቑልቁለ ተደፊኡ ፈሲሱ ኣይተርፍን ብምባል መኣዲ ትምህርቶም ራሕሪሖም እነሆ በረኻ ወፁ። ዝወፈርሉ ዕላማ ሂወት ከፊልካ ናብራ ሕብረተ ሰብ ምምሕያሽ ስለዝነበረ ሓደ እንትስዋእ እቲ ሓደ ሕድሪ እናተቐበለ 17 ዓመት ኣብ እንካ ሃባ ኲናት ፀንሑ። ኣብ በረኻ ኮይኖም ምሒር ዝተሓጠጠን ዝዓረቐን መሬት ትግራይ፣ ዝበረሰ ኣግራብ ንምምላስ ሜላታት ሓንፂ'ዮም ጎናጎኒ ኲናት ልምዓት እውን ጀመሩ። ንህዝቢ ዘገልግላ ትካላት ኣጣየሹ። ከምኒ ማሕበራዊ ረዲኤት ትግራይ (ማረት) ዝኣመሰላ እናዓንበባ መፃ። ደቂ ትግራይ ፀላኢ ደምሲሶም መንግስቲ ምስ መስረቱ እውን እንትኾነ ንሕና ጥራሕ ክንነግስ ከይበሉ፣ ስልጣን ከይሃረፉ፣ ልዕሊ 60,000 ብፆትና ኣብ በረኻ ቀቢርናሉ ኢና'ሞ እቲ ስርዓት ንሕና ኢና ንመርሖ፣ ሒዚ እውን ልዕሊ 100,000 ብፆትና ኣካለ ጉድኣት ዝኾንሉ ስርዓት ስለዝኾነ ንሕና ጥራሕ ኢና ንመርሕ ከይበሉ ስልጣን ምስ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵ ማዕረ ተኻፊሎም ኣብታ ዝዓረቐት ትግራይ ከልምዑ ጀመሩ።

ንልዕሊ 30 ዓመት ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ከልመዕ መሪሒምዎ። ንምልክቱ ቆጥቋጥ ዘይነበሮ ጎቦታት ናብ ንብሩ እናመለስዎ ይርከቡ። ተፈጊኡ ዝነበረ ጉህምታት ናብ ንብሩ ተመሊሱ ህዝቢ ካብ ስግኣት ውሕጅ ነፃ እናኾነ ይመፅእ ኣሎ። ብሰንኪ ጉህሚታት ኣብ ክረምቲ ዘይራኸቡ ዝነበሩ ህዝብታት ሎሚ ብቐረባ ይራኸብ ኣለዉ። ኣብ ዘይረብሕ ሽንጥሮ ብውሕጅ ዝውሰዱ ዝነበሩ እንስሳታትን ሰባትን ሎሚ ድሒኖም ብሳላ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ።

ትግራይ ብፃዕሪ ደቃ ዝተሓንፀፀ መስመር ልምዓት ብምትግባር ሎሚ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ምኳና ኲላትና ንፈልጦ ዋኒን እዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ክልላት ኢትዮጵያን ጎረባብቲ ሃገራትን እናመፁ ትግራይ ኣብ ምሕዋይ ከባቢ ዘበርከተቶ ልምዓት ክሪኡ ዝመፁ ብዙሓት እዮም። ክጠቕመና እዩ ናይ እማን ብሉፅ ተሞኩሩ እዩ ኢሎም ተሞኩሮ ወሲዶም ኣብ ዓዶም ዘተግብሩ ድማ ኣዚዮም ብዙሓት።

ኣብ ትግራይ ንቲ ኣብ ምሕዋይ ከባቢ ተረኺቡ ዘሎ ኣንፃባራቒ ዓወት ፖሊስ ስልትን መንግስቲ ተቐቢለን ዝሰርሓ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብዙሓት እየን። ማረት ኣብ ምሕዋይ ከባቢ ትገብሮ ዝላ መተካእታ ዘይብሉ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብ ጉህሚ ማረት ኣላ። ኣብ ግድሚ ማረት ኣላ። ኣብ ሰውሒ ማረት ኣላ። ኣብ ምርባሕ ፈልሲ ማረት ኣላ። ኣብ ተኽላ ፈልሲ ማረት ኣላ። ኣብ ምትእትታው ሓደሽቲ ፈልሲታት ማረት ኣላ። ኣብ ምስራሕ ከትሪ መዋህለሊ ማይ ማረት ኣላ። ኣብ ምእላይ ሩባ ማረት ኣላ። ኮታስ ኣብ ምሕዋይ ከባቢ፣ ዝሓወየ ከባቢ ናብ ዝብላዕ እንጀራ ኣብ ምቕያር። ኣብቶም ዝሓወዩ ከባቢታት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ልምዓት ንህቢን እንስሳን ክነጥፋ ማረት ዘየቋርፅ ፃዕሪ ትገብር። ኣብ ብዙሓት ወረዳታት ትግራይ መርኣያ ዝኮኑ ዝለምዑ ቦታታት ኣለዉ። ኣብ መብዛሕትኦም መርኣያታት ኮይኖም ዝቕፅሉ ቦታታት ብፅሒት ማረት ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ።

ኣብ መላእ ትግራይ ዘሎ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ብፅሒት ማረት ኣብዛ ናተይ ሓፃር ፅሕፍቲ ተፃሒፉ ኣይውዳእን። ተወሳኺ ፅንዓትን ምርምርን ይሓትት እዩ። ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ ድማ ሕርሻ ብተግባር ኣብ ናይ ማረት ቦታታት እናኸዱ ተምሃርኦም ተዘርእዩ ዝበለፀ ምኾነ ነይሩ። ነቶም ተምሃሮ እውን ተግባራዊ ፍልጠት ምኾነሎም ንማረት እውን ካብቶም ምሁራን ተወሳኺ ሳይንስ ምረኸበት።

እምበኣር ንሎሚ ናብ ሓንቲ ቁሸት ክወስደኩም። ኣብ ትግራይ ለውጢ ምሕዋይ ከባቢ ከምዘሎ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ። ኣብ መብዛሕትኦም ከባቢታት ትግራይ ሎሚ ንደኒ ትኹረት ተዋሂቡ ይስራሕ ኣሎ። ህዝቢ፣ መንግስቲን ዘይመንግስታዊ ኣካላትን ኩሎም ንምሕዋይ ከባቢ ትኹረት ሂቦም ኣብ ኣፃድፍ ነኺሶም ምስራሕ ካብ ዝጅምሩ ዓሰርተታት ዓመታት ሓሊፉ። ህዝቢ ናይዚ ለውጢ ተቛዳሳይ ምኳን ጀሚሩ እዩ። ኣብዙይ ክልተ ዓይነት ተሞኩሮ ተዓዚበ። ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢ ዝተኸለለ ደኒ ህዝቢ ንዘላቒ ልምዓት ክጥቀመሉ ዝጀመረ ኮይኑ ሕልፍሕልፍ ኢሉ ድማ ተኸሊሉ ዝነበረ ደኒ እንደገና ኣስዒሩ ከፍቲ ዝሰደሉ ኩነታት ተዓዚበ። ንሎሚ ካብቶም ዝኸለልዎ ደኒ እናሓለዉ ብዘለቔታ ዝጥቀሙ ከባቢታት ተሞኩሮ ሓንቲ ቁሸት ከፋልጥ።

ቁሸት መዓን ኣብ ትግራይ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ጣብያ ነጋሽ ትርከብ። እዛ ቑሸት ብኣፃድፍ ዝተኸበበት እያ። ናብታ ቁሸት ንምእታው ሓንቲ መንገዲ ክትጥቀም ግድን እዩ ካልእ ስሩዕ መንገዲ የብላን። ነበርቲ ከምዝሕብርዎ ቅድሚ 50 ዓመት ቁሸት መዓን ንምንባራ ምቹውቲ፣ ብኣዋሊዕ፣ ስየን ሊሓምን ወዘተ ዝበሃሉ ዓበይቲ ኣግራብ ዝተሸፈነት እያ ነይራ። ውሽጢ ውሽጢ እዞም እፀዋት ኩሕሊ ዝመሰል ፈሳሲ ማይ እናተጭሮቕሮቐ እንትሓጊ ንነበርታ ገነተ ኤደም ከምዝነበረት ኣሸው ቆልዑ ዝነበሩ ሐዚ ሰብ ፀጋ ዕድመ ይናገሩ።

ታሪኽ ክለዋወጥ ተፈጥሮኣዊ ግዴታ እውን ምስ ምዃኑ ትማሊ ኣብ ቁሸት መዓን ዝነበረ ተፈጥራኣዊ ፀጋታት ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተመናመነ ከደ። ጎቦታት ሞዓን እናተፍሓሩ ድፋዕ ወታደራዊ ስርዓት ደርጊ ኮኑ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ኣዋሊዕ እናተቐረፁ ከምዘይነበሩ ኮኑ። መሬት መዓን መኒኻ ዝብሎ ስኢኑ ጉህሚ ብጉህሚ ኮነ። ዝነበሩ ፍልፍላት ማይ ነበረያ ነበረ ኮኑ። ነበርቲ እዚ ከባቢ ምስቶም ፍልፍል ፅሩይ ማይ ዝነበሩ ሩባታት፣ ምስቶም ፍልፍል ልስሉስ ሳዕሪ ዝነበሩ ግድሚታት ተፋጢጦም ምንባር ጀመሩ። ጎቦታት እናተሃንደሱ ንነበርቲ ሓደጋ ኾኑ። ፍልፍል ማያት ዝነበሩ ሩባታት ናብ ዓበይቲ ጉህሚታት ተሰንጢቖም ክልተ ጎረባቢቲ ንምርኻብን ሓዊ ንምልምማንን ዓበይቲ ዕንቅፋታት ኮይኖም ብማዕዶ ክፃዋውዑ ወይ ከዓ ነዊሕ መንገዲ ተዛዊሮም ክራኸቡ ተገዲዶም።

ነበርቲ ቁሸት መዓን እናለቐቑ ናብ ጎረባቢቲ ቁሸታት እናወፁ ክነብሩ ጀሚሮም። መማረፂ ዝሰኣኑ ወገናት ድማ ክረምቲ ንቲ ብሰንኪ ውሕጅ ዝተፈጠረ ጉህሚ ገንዘቦምን ካልእ ንብረቶምን እናገበሩ ምንባር ከም መማረፂ ወሲዶም ንዓመታት ከምቲ ምስ ዒጋምያ ዝተፀገዐት ቆልቋስ እናነብዐት ትነበር ዝተብሃለ ምስቲ ዓብዩ ጉህሚን ካብ ኣፃድፍ ዝመፅእ ተንከላላዊ መደራጉሖ እምንን እናሓዘኑ ይነብሩ ነይሮም። ኣይተ ገ/ሂወት ተስፋይ ዝበሃሉ ወዲ 62 ዓመት በዓል ፀጋ ዕደመ ከምዝብልዎ እንተኾይኑ "ኣነ ዝፈልጦ 10 ከፍቲ ኣብቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ጉህሚ ፀዲፈን ሞይተን። ዝተሰበራ ድማ ብዙሓት እየን። ኣነ ኣብዛ ቑሸት እየ ተወሊደ ሐዚ እውን ኣብኣ ኣለኹ። ብሰንኪ እቲ ናብ ክልተ ዝፈለየና ዓብዩ ጉህሚን ካብቶም ኣፃድፍ ዝመፅእ መደረጉሖ እምኒን ኣዕርኽትና ቁሸቶም ለቒቖም ናብ ነጋሽ ገፅ ወፂኦም ኣጢሾም እዮም። ኣብ ክረምቲ ክንራኸብ ስለዘይንኽእል፣ ከም ሎሚ ክርቢት እውን ኣብ በብገዝኡ ስለዘይነበረ ጎረበትና ዓኮር ሓዊ ኣንኪሱ ብማዕዶ ይድርብየልና ነይሩ። ንመንግስቲ ዓዲ ሃበና ኢልና ምሕታት ጀሚርና ነይርና" ክብሉ ይናገሩ።

ቅድሚ 5 ዓመት መሬት መዓን ንምሕዋይ ህዝቢ፣ ማረትን መንግስትን ተሓባቢሮም ክሰርሑ እዮም እንትበሃል ህዝቢ ኣይኣምንን ነይሩ። እቲ መሬት ናብቲ ሐዚ በዒሕዎ ዘሎ ብርኪ ሕውየት ክበፅሕ ይኽእል እዩ ኢሉ ዝገመተ ወገን እውን ኣይነበረን። ዝሮ ዝሮ ግን ህዝቢ ተስፋ ብዘይ ምቑራፅ ሰሪሑ።

ማረት መጀመርያ ምስ ኢክራፍ (ICRAF) ዳሓር እውን ምስ መደብ ምድሓን ዝተደረቐ ከባቢታት (Dry Land Development Program) ዝበሃሉ ገበርቲ ሰናያት ብምትሕብባር "ሀ" ኢላ ኣብቲ ከባቢ ስራሕ እንትጅምር፣ ንቲ ንዓመታት ነበርቲ ኣሳቕዩ ዝፀንሐ ጉህሚ ክትሰርሕ ንነበርቲ ናይ ቅድመ ምድላው ስልጠና ክትህብ ከላ፣ ነበርቲ እዙ ዓብዩ ጉህሚ ከሓዊ እዩ ዝብል ግምት ኣይነበሮምን። ስራሕቲ ቀፀለ፣ ማረት ክኢላታታ መደበት። ጋቤን ዝበሃል ንመኸተሪ እቲ ሩባ መፀ። እቶም ናብ ኣፃድፍ ዝተቐየሩ ፍልፍል ልስሉስ ሳዕሪ ዝነበሩ ግድሚታት ምስራሕ ተጀመሩ። ነበርቲ እግሪ እግሪ  ማረት እናሰዓቡ ግድሚታቶም ካብ ንኽክእ እንስሳታት ከልኪሎም ተስፋ ምርኣይ ጀመሩ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ሳዕሪ ዓፂዶም ምጥቃም ምስጀመሩ ኣዐሪዮም ተሓጒሶም ሕግን ስሪትን ሓንፂያም ከፍቲ ኣብ ገዛ ተኣሲረን ክቕልባ ግድን ኮነ።

ከም ኣገላልፃ ነባሪ ኣይተ ገ/ሂወት ተስፋይ "መንግስትና ንሕውየት ኸባቢና ዝምጥን መድሓኒት እዩ ልኢኹልና። ንሱ ድማ ማረት እዩ። ኣብዙ ሐዚ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ ካብ ማረት ወፃኢ ካሊእ ድርጅት ከምዙይ ገይሩ ከልውጠና ነይሩ እዩ ኣይብልን። ስለዚ ማረት ፍትንቲ መድሓኒት ምሕዋይ ከባቢና እያ"ይብሉ።

ከሓዊ እዩ ተባሂሉ ዘይግመት ዝነበረ ጉህሚ ንምሕዋይ ማረት ምስ ነበርቲ  ኮይና ስራሕ ጀሚራ። ሓይሊ እቲ ጉህሚ ንምድኻም ኣብ ላዕለዋይ መፋስስ እቲ ጉህሚ እዩ ስራሕ ተጀሚሩ።  እዚ ዝስዕብ ፎቶ ድማ ኣጀማምራ ስራሕ እቲ ልዕሊ 15 ሜትሮ ጥልቐት፣ ልዕሊ 2 ኪሎ ሜትር ንውሓት ዝነበሮን ህዝቢ እናሳቐየን ዝፀንሐ ጉህሚ የርኢ።



መጀመሪያ ኣብ ቅርቅርቲ እቲ ዓብዩ ጉህሚ ስራሕ እንትጅመር ( ፎቶ ማረት)

ኣነ ከም ዝተዓዘብኩዎ ማረት ሓደ ከባቢ ንምሕዋይ ስራሕቲ እንትጅምር ዝተፈላለዩ ሜላታት ስራሕ ትጥቀም። ንቲ ልዕል ኢልና ዝረኣናዮ ዝተበልፀ ዓብዩ ጉህሚ ከመይ ከሓዊ ከምዝሎዎ መጀመርያ ማረት ጥበብ ምህንድስና አዕሪፋትሉ። ከንደይ ብኽብደይ ክኸተር ከምዘለዎ፣ ምሁራን ዕቀባ ሓመድን ማይን ብደንቢ ኣስሊሐሙዎ። እስኪ ቅድሚ 5 ዓመት እቲ ልዕል ክብል ዝረኣናዮ ጉህሚ ከመይ ይስራሕ ነይሩ ንርአ። ምስቲ ልዕል ኢሉ ዘሎ ፎቶ ተማሳሳሊ ዝኾነ ፎቶ እዩ።



ንምስራሕ ቅርፂ እንትወፆ (designing) (ፎቶ ማረት)

ዕላማ ማረት ከባቢ ኣሕዊኻ፣ ናብ ዝብላዕ እንጀራ ኣሽሪፍካ፣ እቲ ከባቢ ብሉፅ ናይ ተሞኩሮ ማእኸል ገይርካ፣ ነበርቲ ብዘላቕነት እናሓለዉ ከጥቀምሉ ምስጀመሩ ናብ ዘይለምዐ ቦታታ ምሕላፍ እዩ። ልነገሩ እቲ ናይ ቁሸት መዓ'ነ ልምዓት አዐርዩ ንኽጠናኸር ማረት ክሳብ ሐዚ ኣብኡ ኣሎ። እቲ ኣብ ፎቶ ዝረኣናዮ ጋህፃፅ ጉሚን ሩባን ኣበይ ከምዝበፅሐ ምክትታል ኣድላዪ ስለዝኾነ ማረት ድማ እናተኸታተለት ኣብ ፅቡቕ ደረጃ ኣብፂሓቶ እያ። እስኪ ፎቶ ባዕሉ ይናገር። ናይ ፎቶ ለውጢ ከምዘይተገበረ ምርዳእ የድሊ።



ምስ ለምዐ (ፎቶ ማረት)

እዙ ንምንባሩ መፅልኢ ዝነበረ መሬት ቑሸት መዓ'ነ ሎሚ ብላዕልን ብታሕትን ማይ ነዚዑ፣ እቶም መዓ'ነ ምድረ ባዳ ኮይና እያ፣ ኣብዚኣ ኣይንነብርን ዝበሉዋ ነበርቲ እውን ኣብኣ ተመሊሶም ክነብሩ ሃረር ይብልዋ ኣለዉ። ነበርቲ ቁሸት መዓ'ነ ሎሚ ኣብተን ግድሚታት ኮና ኣብተን ጉህሚታት ከምኡ እውን ድሕሪ ሕውየት ኣብ ዝተፈጠራ ጎላጉል ከፍቲ ዝበሃላ ከይኣትኣዋ ተረዳዲኦም እታ ቑሸት ምሉእ ብምሉእ ካብ ምንኽኻእ እንሰሳ ነፃ ኮይና እያ። ካብዙይ ዝዓቢ ምትግባር ፖሊስን ስትራተጅን ዘሎ ኣይመስለኒን። ኣብቲ ግድሚ ኮነ ኣብቲ ጉህሚ ዝቦቐለ ሳዕሪ ብኣግባብ ተኸፋፊሎም እዮም ዝዓፅዱ። ኣብ ማዓ'ነ ብሳዕሪ ኮነ ብማይ ዝለዓል ግጭት የለን።

ኣይተ ገ/ሂወት ተስፋይ ሐዚ እውን ዘረባ ኣለዎም። “ኣብዛ ቁሸት ልዕሊ 87 ገባራት ኣለና። ኩላትና ዝተስማማዕናሉ ሕጊን ስሪትን ምሕደራ መፋስስ ኣለና። ኣብ ጉህሚ ኮነ ኣብ ግድሚ ዘሎ ሳዕሪ ብገመድ ዓቂና ኢና ተኻፊልናዮ። ማንም ሰብ እታ ዝበፅሐቶ ሳዕሪ ዓፂዱ ክወስድ እምበር ከፍቲ ኣእቲዉ ከብልዕ ኣይኽእልን። ሎሚ ኣብ ቁሸት መዓ'ነ ከፍቲ ናብ ደኒ ምእታው ኣዝዩ ነውርን መሕተቲን እዩ። ነዛ ረኺብናያ ዘለና ዕድል ዳግም ከይትፈርስ ከም ብሌን ዓይንና ኢና ንሕልዋ ዘለና። ብሳላ ከባቢና ምኽላል ኣብ ታሕቲ ማያት ወፂኡ ሓያል ናይ መስኖ ቦታ ኣለና እዩ። እዙ መስኖ ቅድሚ እዚ ከባቢ ምኽላልን ምሕዋይን ዳርጋ ኣይነበረን ምባል ይከኣል። ፀላኢና ዝነበረ ጉህሚ ዓድና ሎሚ ሳላ ማረት ፍልፍል ሳዕሪን ማይን ኮይኑ ።”

እዞም ሓረስታይ ከምዝበልዎ ኣነ ናብ መዓ'ነ ኣብዝኸድኩሉ እዋን ኣብ እቲ ዓብዩ ጉህሚ ዝነበረ ሳዕሪ ተዓፂዱ እየ ረኺበዮ። እስቲ ኣብቲ ጉህሚ ዝነበረ ሳዕሪ ምስተዓፀደ ጉህሚ መዓ'ነ እንታይ ይመስል ፎቶ ንርአ። ናይ ፎቶ ለውጢ ኣይተገበረን።



ሓረስታይ ገ/ሂወት ተስፋይ ካብቲ ተረኺቡ ዘሎ ልምዓት ተቛዳሲ እውን እዮም። ኣነ እውን ሳዕሪ እናዐፀዱ እየ ረኺበዮም። ብዙሕ ኣውጊያሙኒ። ፍርቂ ፀማድ ሳዕሪ ከምዝበፅሖቶም፣10 ኣድጊ ሉስሉስ ሳዕሪ ከምዝረኸቡ፣ እዙይ ድማ ኣብ ቀለብ ከፍቲ ዓብይ ፀገም ከምዝፈትሐሎምን ቅድሚ እዚ ብማረት ዝተኣታተወ ልምዓት ምምፅኡ ግን እናገዝኡ ይጥቀሙ ከምዝነበሩን ንምግዛእ ድማ ርሑቕ ቦታታት ይጎዓዙ ከምዝነበሩን ኣውጊያሙኒ።



ተጠቃማይ ሓረስታይ ገ/ሂወት ተስፋይ ሳዕሪ እንትዓፅዱ (ፎቶ ማረት)

ጉህምታት ቁሽት መዓጎ ንምሕዋይ ጋቤን ተጠቒማ ማረት። ግድሚታት ንምሕዋይ ድማ ዝተፈላለዩ ሜላታት ተጠቒማ እያ። ኣብ ዙርያ ቁሽት መዓጎ ማይ ቁንጫወ፣ ጎርባዕተ፣ መልሕስ፣ ማይ ጋሳትን ቀርኒ ሕፃውፅን ዘበሃሉ ዓበይቲ ግድሚታት ኣለዉ። ውሑጅ ካብዞም ግድሚታት እናፀደፈ ጉህሚታት ፈጢሩ ነበርቲ የሳቒ ከምዝነበረ ልዕል ክብል ተገሊፁ እዩ። ነዚ ውሕጅ ንምቕናስ ማረት ኣብ ከባቢ እቶም ግድሚታት ዘረቑቲ ሆረየ ዝበሃሉ ዓበይቲ ጎዳጉዲ ኩዒታ ውሕጅ ኣብኡ ከዓርፍ

እንተመሊኦም ድማ ሓይሉ ቀኒሱ ቀስ እናበለ ክወርድ ተገይሩ እዩ። ተኸታታሊ ዝኾነ ናይ ዕቀባ ሓመድን ማይን እውን ተሰሪሑ እዩ። ብዚኦምን ካልኦት ሜላታትን ድማ ማረት ንኣፃድፍ ቑሸት መዓገ ፍልፍል ማይን ሳዕርን ክኾን ገይራቶ እያ።

ኣብዙ መዳይ ሓደ ሕቶ ምልዓል ኣይቐርን። ላዕለዋይ ኣካል እቲ መፋስስ እንተሓውዩ፣ ኣፃድፋት እንተተዓቂቦም ኣብ ታሕተዋይ መፋስስ እቲ ከባቢ እንታይ ለውጢ መፂኡ ኢሉ ንዝሓተት ሰብ ትኽክለኛ ሕቶ እዩ። ኣብ ታሕተዋይ መፋስስ ቁሸት መዓገ ብቓላት ንምግላፅ መስተንክር ዝኾነ ልምዓት መስኖ ኣሎ። ሓረስቶት ካብ ሳዕሪ ብተወሳኺ ኣብ እንካ ሃባ ልምዓት ኣሕምልትን ፈረምረን ተዋፊሮም ጭለይ ነዓ ሆኒ እናበሉ ብተስፋ ክኹስኩሱን ፈለግ ከስትዩን ትሪኦም ከለኻ ዝፈጥረልካ ባህታ ፍሉይ እዩ። እዙ ልምዓት መን ሰሪሕልኩም እንተበልካዮም ድማ ማረትን ልምዓትን ይብሉ። እስኪ ሓንቲ ኣብ ሓጋይ ዝወሰድኩዋ ፎቶ ከቕርብ እሞ ዘሎ ለውጢ ካብኣ ንተዓዘብ።



## ድሕሪ ምሕዋይ መፋስስ ቁሸት መዓገ ኣዝዩ ዝጎልበተ መስኖ

ቁሸት መዓገ ማእኸል ተሞኩሮ ውሽጥን ደገን ኮይና እያ። ብርክት ዝበሉ ካብ ክልል ኦሮሚያ  መፂኦም ተሞኩሮ ወሲዶምላ እዮም መዓገ። ብመራኸብቲ ሓፋሽ ወሸጢ ዓድን ወፃእን ተዘጊባ እያ መዓገ። እስኪ ንገሊኦም ክጠቅስ።

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሓላፊት ኢክራፍ  ዝኾና ሚስ ሶላ ምስ መሳርሕተን መፂአን ንመዓገ ሪአን ተሞኩሮ ሰኒቐን ተመሊሰን።



ሚስ ሶላ መፋስስ መዓኀ ኣብ ቅርቅርቲ ጎቦ ኮይነን እንትሪኣ

ካልኦት እውን ሃዊያማ እዮም ንቁሸት መዓኀ። ካብ ሃገራት ኒጀር፣ ማሊ፣ ቡርኪናፋሶን ኬኒያን ዝመፁ ወገናት ኣብቲ ዝሓለፈ ውርሒ ነሓሰ 2009 ዓ/ም ካብ መዓኀ ተሞኩሮ ወሲዶም ንስራሕቲ ማረት ድማ ኣድኒቐም ኬዶም።



ካብ ሃገራት ኒጀር፣ ማሊ፣ ቡርኪናፋሶን ኬንያን ዝመፁ ወገናት መዓኀ እንትህውፁ።

ጠቕሊልካ እንትረአ ቁሸት መዓኀ ብርክት ዝበሉ ተሞኩሮታት ዘለዋ ቁሸት እያ። መዓኀ ፅቡቕ ምምሕዳር ዘለዋ ቁሸት እያ። ልዕሊ 87 ዝኾኑ ገባራት ተሰማሚዖም ዝነብሩላ፣ ብዘይ ኣፈላላይ ከፍቶም ኣሲሮም ክቕልቡ ዝተስማሙዕላ፣ ብምኽንያት ማይን ሳዕርን ጎንፂ ከይፍጠር ብሕግን ደንብን ዝምራሕ ተጠቃሚ ዘለዋ፣ ዝተረኸበ ፍልፍል ማይ ናብ ልምዓት መስኖ ዝቐይር ሓረስታይ ዘለዋ፣ ሓምለዋይ ከባቢ ናብ ወለዶ ከሰግር ዝተስማመዐ ነባሪ ዘለዋ እያ ቁሸት መዓኀ። ኣብ መዓኀ ዘለዉ ነበርቲ

ተፈጢሩሎም ዘሎ ጥጡሕ ባይታ ንድሕሪት ከይምለስ ኩሎም ዘብዒ እዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ምሕዋይ ከባቢ ብጭቡጥ ከልተ ዓይነት ተሞኩሮታት ከምዘለና ኣብ መጀመርያ ገሊፀ ነይረ። ዝሓወየ ከባቢ ናብ ዘላቒ ልምዓት ዝቕይሩ ህዝብታትን፣ ዝሐወየ ከባቢ እንደገና እናሰዓሩ ዝውዕሉ ህዝብታትን። ሒዚ ረብሓ ከባቢ ምሕዋይ ካብ መዓጎ ብተግባር ምምሃር ይከኣል እዩ።

ኣብ መወዳእታ ቁሸት መዓጎ ኣልዒለ እምበር ልምዓታዊ ስራሕቲ ማረት ኣብ መላእ ትግራይ ከምዘሎ ኣብ በብኸባቢና ንዕዘቦ ሓቂ እዩ። ከባቢና እንተተዓዚብና ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ማረት፣ ልምዓት ጥዕና ማረት፣ ልምዓት መስኖ ማረት፣ ልምዓት ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ማረት ጎሊሁ ይረአ። ማረት ዘለዋ ስራሕቲ ልምዓት ካብዙይ ንላዕሊ ክጉልብት ድማ እምነትና እዩ። ሰላም፦